**BIF Beratungsstelle für Frauen**
gegen Gewalt in Ehe und Partnerschaft

Tel. 044 278 99 99
bif-frauenberatung.ch

TI*

# ኣብ ፍትህን ኣብ ምፍልላይን ንዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ዝጠቅም ሓበሬታ

ኣብ ህጋዊ ሓዳር ንዘለዉ
ኣብ ተመሳሳሊ ናይ ጾታዊ ርክክብ ውሽጢ
ተፈራሪሞም ሓቢሮም ንዝነብሩ
ከይተመርዓዉ ሃቢሮም ንዝነብሩ

* ነዚ ሓበሬታ እዚ ብ16 ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ምርኻብ ይካዓል ኢዩ፡፡

„ዓመጽ ጠጠው ኩብል ከምኡውን ኣኽብሮት ክዋሃበኒ እየ ዝደሊ“

ትሕዝቶ


| | |
|---|---|
| ምስ ሰብኣየይ ክፈላለይ እደልይ ::እንታይ ክገብር ኣሎኒ? | 3 |
| ናይ ሓዳር ጉዳይን ሓለዋን ቤትፍርዲ ክንደይ ያኽፍል? ናይታ ጠበቃ ወጻኢ ዝሸፍኖ መን እዩ? | 3 |
| ናይ ሓዳር ጉዳይን ሓለዋን ቤትፍርዲ ስምምዕ እንታይ ኢዩ? | 3 |
| ባዓልቤተይ ምፍልላይ ከምዝደልይ ምስ ሰምዐ ክነብሮ ዝኽእል ኹነታት ክሓስብ ኽለኹ የፍርሃኒ | 3 |
| ምፍላለየይ ብቅልጡፍ ክከውን እንተአለዎ | 3 |
| ኣብ ውሽጢ ገዛ ክተርፍ ዝክእል መን ኢዩ? | 3 |
| ቆልኡት ምስ መን ክነብሩ አለዎም? | 3 |
| በዓልቤተይ ንደቁ ኣብ ክንደይ ግዜ ክኣልዮም ይክእል? | 4 |
| ብምንታይ ንመሓደር | 4 |
| ምፍልላየይ ኣብ መንበሪ ፍቃደይ ዝምጽኦ ተጽዕኖ አለዎ ዶ? | 4 |
| ናይ ሓዳር ጉዳይን ሓለዋ ቤት ፍርዲ እንታይ ድዩ ዝፍጽም | 4 |
| ብናይ ቤት ፍርዲ ውሳኔ እንተዘይተስማሚዔ እንታይ ክገብር ይክእል? | 4 |
| ብቅልጡፍ ሽኡንሽኡ ምፍታህ አይሕሸንን? | 4 |
| ዘይደለክዎ መርዓ(ግዴታዊ ጎዳር) ክፍጽም እንተተገዲደ እንታይ ክገብር ይኽእል? | 5 |
| ምስ ተመሳሳሊ ጾታ ናይ ፍቅሪ እርክነት(ጾታዊ ርክኩብ) ዝተገበረ ሕጋዊ ስምምዕ (ከም ሓዳር ) ንምፍራስ እንታይ ክገብር አለኒ? | 5 |
| ምስ ዘፍቅሮ ሰብ ጎዳር ከይመስረትና ብሓንሳብ ንነብር፡ ሕጂ ግን ምፍልላይ ይደሊ አለኹ | 5 |
| አድላዪ አድራሻታት | 5 |
| ሕጋዊ ሓበሬታ | 6 |

## ምስ ሰብኣየይ ክፈላለይ እደልይ ::እንታይ ክገብር አሎኒ?

ኣብ ኸባቢኺ ንዘሎ ጉዳዩ ንዝምልከቶ ቤትፍርዲ (www.gerichte-zh.ch) ብምኻድ ጉዳይኺ ክርዓየልኪን ናይ ሓዳር ጉዳይን ሓለዋን ቤትፍርዲ (Formular Eheschutzverfahren) ዝህበኺ ፎርም ብምምላዕ ተፈላሊኺ ንክትነብሪ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ።(ሓዳር ጉዳይን ሓለዋን ዝሙላዕ ፎርሚ) ጉዳይኺ እንተደሊኺ በዓልኺ ክተፍጽሚ ወይ ድማ ብመንገዲ ጠበቃኪ ክታፍጽምዮ ትኽእሊ ኢኺ። ምስ ቤት ፍርዲ ወይ ምስ ጠበቓኺ ንምዝርራብ ኣብ ዝህልወኺ ናይ መጀመርታ ቆጸራ እዞም ዝሰዕቡ መረጋገጺ ተማልኢ።

- ገንዘብ ብዝምልከት ህጂ ዘለኪ ናይ ኣታውን ወጻእን ዝሕብር መረጋገጽ፣ ንዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ቀርጽ ከምዝኸፈልኺ ዘርዕይ ካብ ቤት ጽሕፈት ናይ ቆጸራ ዝተዋሃበኺ መረጋገጺ፣ናይ ቀረጽ ወረቃቅት፣ ጸብጸባት ደሞዝ 3 ክሳብ 6 አዋርሕ ዘሎ ናይ ወጻኢን ዓታዊን ዝርዝር ዘርዕይ
  ናይ ባንኪ ወረቀት።
- ኣብ ዘሕለፍክዮ ናይ ሓዳር ሂወት ዝበጽሃኺ በደል ዘርዒ ዝኾነ መረጋገጺ(ን አብነት ስብኣይኺ ዘውረደልኺ ጉድ አት ዝገልጽ ናይ ሓኪም መረጋገጺ ፣ሰነዳት ጉዳይ መቅጻእቲ፣ስጉምቲ ምክልኻል ዓመጽ

## ናይ ሓዳር ጉዳይን ሓለዋን ቤትፍርዲ ክንደይ ያኽፍል? ናይታ ጠበቃ ወጻኢ ዝሸፍኖ መን እዩ?

ዝወሓደ መጠን አታዊ እንተለኺ ንስኺ ወይ ድማ ጠበቃኺ ብዘይ ገንዘብ ጉዳይኺ ክርኣየልኪ.
ከምኡውን ብናጻ አገልግሎት ዝትህብ ጠበቃ ክትቆመልኺ ወይም ክትጣበቀልኺ ኽታመልክቲ አለኺ።(ማመልከቲ)
እዚ እንተተፈቂዱልኺ ናይ ቤት ፍርዲ ኾነ ናይ እታ ጠበቃ ወጻኢ መንግስቲ ንግዚኡ ይሸፍነልኺ።ንመጻኢ ዝሓሸ አታዊ ዝህልወኺ እንተ ኾይኑ እቲ ቤት ፍርዲ እቶ ክፍሊታት ቤት ፍርዲን ጠበቃን ኣብ ውሽጢ 10 ዓመታት ካባኺ ክጠልብ ይኽእል እዩ(ወረቀት ሓበሬታ)::
ህጂ ብዘለኺ ናይ ገንዘብ ዓቅሚ በዓልኺ ክትከፍልዮ ትኽእሊ እንተኾይኪ ድማ እዚ ናይ ሓዳር ጉዳይን ሓለዋን ቤትፍርዲ ክንደይ ዝአክል ወጻኢ ከምዝሓትት ካብ ናይ ምክሪ አገልግሎት ቤት ጽህፈት ወይ ካብ ጠበቃኺ አበሬታ ኽትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ።

ናይ ሓዳር ጉዳይን ሓለዋን ቤትፍርዲ ስምምዕ እንታይ ኢዩ?
እታ ናይ ሓዳር ጉዳይን ሓለዋን ቤትፍርዲ ዳኛ አብ ታህቲ ኣብዝርከቡ ነጥብታት ውሳኔ ታህልፍ ኢያ፡

- ኣብቲ መንበሪ ገዛ መን ከምዝጸንህ
- ቆልኡ ምስ መን ኽነብሩ ከምዘለዎም
- እት ሃደ ወላዲ ንቆልኡ መዓዝ ክርዕዮም ከምዘለዎ
- መነባበሪ ገንዘብ ብዝተመልከተ
- ድሕሪ ምፍልላይ ዝተጠረየ ንብረት ናይ ሃባር ከምዘይኮነ

## ባዓልቤተይ ምፍልላይ ከምዝደልይ ምስ ሰምዐ ክነብሮ ዝኽእል ኹነታት ክሓስብ ኸለኹ የፍርሃኒ

በዓልቤትኺ አባኺን ኣብደቅኺን በደል ይፍጽም ዶ? ወይስ የፈራርሃኩም ዶ?
ፖሊስ ኣብጉዳይኩም ጣልቃ ብም እታዉ ሓለዋ ክገብረልኩም ይኽእል ኢዩ (ብዛ እባ ሓለዋ ዝተጻሃፈ ጽሁፍ)
ከይመጽእን ናብቲ ዘለኹዎም ከባቢ ከይርከብ ምሳኺ ኮነ ምስ ደቁ ዝኮነ አይነት ርክክብ ከይገብር ን 14 መዓልቲ ይእገድ።አድላዪ እንተኮይኑ እዚ ሓለዋ ንሓደ ግዜ ጥራይ ናብ 3 ወርሒ ንክዛወር (ክነውህ)ናይ ምግባር ተኽእሎ አለኺ። (www.ist.zh.ch)
ንዝተበደሉ ናይ ምኽሪ አገልግሎት ዝሁብ ትካል ()ብናጻን ብተአማኒነትን ሓገዝን ከኡውን ናይ ምኽሪ አገልግሎት ይገብረልኺ።እዚ 3 ወርሂ ህጋዊ ምፍልላይ ንምግባር እኹል ኢዩ። ኣብዚ ኹነታት እንተለኺ በዓልትቤትኪ ምፍካርን ምፍርራህን ይግብረለይ ኢልኪ እንተፈሪህኪ አድላይ ዝኮነ ሓለዋ ክግበርልኽን በዓልቤትኪ ንስኺ ኣብዘለክዮ ከይቀርብ ዝገብር ሕጊ ንቤት ፍርዲ ክታመልክቲ ትክእሊ ኢኺ።(ብውልቀ ሰብ ደረጃ ህጋዊ ናይ ሓለዋ መሰል) (ዓንቀጽ ህጊ ZGB ቁ.28b)አድላዪ ኮይኑ እንድህር ረኪብኽዮ ንምፍላይ ክታመልክቲ ከለኪ ነዚ ነገር ምስኡ ብሓንሳብ ክታመልክቲ ትክእሊ ኢኺ።
ዚ ብዝምልከት ምሳና ወይን ድማ ምስታ ጠበቃኺ ክትዘራረቢን እንታይ ዓይነት አማራጽታት ከዘለኪ ክትርእዩ ትከእሊ ኢኺ። በዓልቤትኺ ናባኺ ከይቀርብ ዝተወሃቦ ትእዛዝ ጥሂሱ ከጥቅኽኒ ይኽእልዩ ዝብል ፍርሃት እንተአለኪ ብበዓልትቤቶም ዝተጠቅኡ ደኢ አንስትዮ ድሕነት ዝሕሎን አተአማማኒ መጽንሒ ቦታ አለዎም እዚውን ገዛ ደቂ አንስትዮ ዝባሃል ትካል ኢዩ:: )ምስአተን እንድህር ተዘራሪብኺ ክረድ ኡኪ ድልዋት ኢዮም። (www.frauenhaus-schweiz.ch)

## ምፍላለየይ ብቅልጡፍ ክከውን እንተአለዎ

ብናይ ሓዳር ጉዳይን ኀለዋ ቤት ፍርዲን ግዜያዊ ዝኮነ ምፍልላይ ምሕተት ይኽአል። እዚ ንምግባር ዝወረድኺ በደል ዘመልክቱ ጭብጢታትን ቅልጣፍነቱ ከርኢ ዝክእል መረዳእታ ምቅራብ ይግብአኪ።
ቤት ፍርዲውን ብዝሃብክዮም ጭብጢታት ብምምርኳዝ ግዜያዊን ብቅልጡፍ ኪግበሩ ዘለዎም መምሪሒታት ይሁብ። ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ አማራጺ ምጥቃም እንተደሊኪ ጉዳዩን ስርሑን ብዙህ ስለ ዝኮነ ካብ እታ ጠበቃኪ ወይውን ንዘተበደሉ ኀገዝ ካብዝህቡ ትካላት (Opferberatungsstelle) ኀገዝ ምህታት ያድልየኪ።

## ኣብ ውሽጢ ገዛ ክተርፍ ዝክእል መን ኢዩ?

ብሕጉ መሰረት ኣብ ውሽጥ ገዛ ክጸንሕ ዝግብኦ ቆልኡት ክንከባከብ ዝተወሰነሉ ካብ ወለዲ ኀደ አካል እዩ። ብኀዳር ኣብዝንበርኩሙሉ ገዛ ምቅማጥ ምስትደሊ ዝስእቡ ነገራት ብፅሁፍ ምህታት ይካኣል።

- በዓልቤትኪ ቤቱ ንክገድፍ መዓልቲ ቆጸራ ምሃብ(ካብ ውህዳት መዓልታት ክሳብ ክልተ ወርሂ)
  በዓልቤትኪ ብቅልጡፍ ቤቱ ንምልቃቅ ፍቃደኛ ከምዘይኮነ እንተአስተውዒልኪ ካብ ዝምልከቶ ክፍሊ ናይ ምልቀቂ ትዕዛዝ ምውጻእ ትክእሊ።
- ብዘይ ናትኪ አፍልጦ በዓልቤትኪ ውሽጢ ገዛ ከይአቱ ኩሉ ናይ ገዛ መፍትሕ ክምልስ አለዎ።
  እንትኮነውን ኩሉ መፍትህ አይመለሰን ዝብል ግምት እንተለኺ፡ ናይ ገዛ መፍትህ ምቅያር ትኽእሊ።

## ቆልኡት ምስ መን ክነብሩ አለዎም?

ክሳብ ሕጂ ቆል ኡት ብዝበለጸ ዝንከባከቦም ምስ ዝነበረ ወላዲን ብድሕሪ እዚውን በዚ ኩነታት ክቅጽል ምስ ዝክእል ወላዲ ይኾኑ። እታ ዳኛ ንቆልኡት ምዕባይ ዝሓሸ ወላዲ ንምውሳን (ድሕነት/kindeswohl ናይ ገዛ ርእሳ መርመራ ትገብር። ብጠቅላላ አህዋት ክፈላለዩ የብሎምን። ኣብቲ ውሳኔ ዕድሜኦም 6 ዓመትን ካብኡንላዕሊ ዝኮኑ ቆልኡት ሓሳቦም ይስማዕ ኢዩ።

## በዓልቤተይ ንደቁ ኣብ ክንደይ ግዜ ክኣልዮም ይክእል?

ምስ ደቁ ኣብ ሓደ ቤት ዘይነብር ወላዲ ደቁ ናይ ምርአይን ምርካብን መሰል ኣለዎ። ስለዚ ምስ በዓልቤትኪ ጎደ ስምምዕ ምግባርን ንታ ዳኛ ምፍላጥ ኣለኪ። ብሓሳብ ዘይትስማምኡ ምስኮንኩም እታ ዳኛ ትውስነልኩም፡ ብፍላይ ድማ ቆልኡት መዋእለ ህጻናት ዝከዱ ምስ ዝኮኑ ብወርሒ ክልተ ቀዳም ወይ ሰንበት፣ ቤት ትምህርቲ ንዝከዱ ቆልኡት ድማ ክልተ ቀዳምን ሰንበትን ብወርሒ ውይውን ኣብ ውሽጢ ዓመት 12 ሰሙን እረፍቶም ምስ ኣቦኦም ምህላፍ ይኽእሉ።

ቆል ኡት ዝትቀባበሉሉ ሰዓት ብግቡዕ ክክበር ከምዘለዎ ክትፍልጢ ኣለኺ። ከም ኡውን ብዘተፈላለየ ናይ በዓል መዓልቲታት ንፋሲካ፣ ንጽራቅሊጦስ ወይ ንልደት ኣቀዲሞም ስምምዕ ምግባር ኣድላዪ ኢዩ።

በዓልቤትኪ ንደቁ ዘፈራርሆምን ዝሃርሞምን ምስዝከውን ወይ ውን ቆልኡት ብዝከዱሉ ግዜ ዕግርግርን ጸገምንዝፈጥር ምስ ዝከውን ኣብ ዝመጸኪ ግዜ ብእጃቢ ንክመጸእን ኣብ መንጎኩም ዘስማምዓኩም ሰብ ንክምደበልኩም ምሕታት ትኽእሊ። ቆልኡት ኩሉ ግዜ ብሓላዊ ኪርኢዮም ንምግባር ግን ንቆልኡት ውሕስነት

(ብጣዓሚ ሓደገኛ) ምስ ዝከውን ጥራህ ኢዩ።

## ብምንታይ ንመሓደር

ቤትፍርዲ ንመነባበሪ ዝኮነኢ ገንዘብ ክሳብ ዝውስነልኪ ሰሙናት ወይ ወርሒታት ኪወስድ ይኽእል፡
እንተኮነ ግን ንመነባበሪ ዝከውን እኩል ገንዘብ ምስ ዘይብልኪ ንጥንቃቄ ክበሃል ንመንግስቲ ሓገዝ ቤት ጽህፈት ህቶኪ ኽተቅርቢ ኣለኺ። ካብ መንግስቲ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለኺ።

- ቤትፍርዲ ንመነባበሪ ዝኮነኢ ገንዘብ ክሳብ ዝውስነልኪ ሰሙናት ወይ ወርሒታት ኪወስድ ይኽእል፡እንተኮነ ግን ንመነባበሪ ዝከውን እኩል ገንዘብ ምስ ዘይብልኪ ንጥንቃቄ ክበሃል ንመንግስቲ ሓገዝ ቤት ጽህፈት ህቶኪ ኽተቅርቢ ኣለኺ። ካብ መንግስቲ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለኺ።
- ናይ ባንክ ካርድ ወይ ናይ ልቃህ ካርድ ብናትኪ ስም ምስ ዝከውን ከአ በዓል ቤትኪ ብካርድ ከይጥቀም ብቅልጡፍ ክትዕጽውዮ ኣለኺ። ጉዳይኩም ዝርእይ ናይ ጎዳር ጉዳይን ጎለዋ ቤት ፍርዲ ክልቴትኹም ኣብ ወርሂ ክንደይ ክምትረክቡ ኣጻሪዩ ንመነባበሪ ዝኮነኩም ገንዘብ ክውስን ኢዩ። ካብኡውን ንኣኺን ንደቅኺን መነባበሪ ይከውን።

እንተኮይኑውን ዝተወሰነልኺ ምነባበሪ ገንዘብ ዘይኣኽለኪ እንድህርኮይኑ ንመንግስቲ ጎገዝ ቤትጽህፈት(ሶሲያል) ክትሓቲ ትኽዕሊ ።ቤትፍርዲ ከምዝወሰነልኪ መሰረት መንግስቲ ንሃደ ቆልዓ እንተበዚሁ ክሳብ 940 ፍራንክ ክለፍል ይኽዕል ኢዩ። ይኹን እምበር እዚ መነባበሪ ን ደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ኣይኮነን።

ዝዋሓበኪ መነባበሪ ብስርዓት ከምዝክፈለኪ እቲ ትነብርሉ ምምህዳር ጽቡቅ ጌሩ ክከታተል ኣለዎ፡ እንድህር ብስርዓት ዘይክፈለኪ ኮይኑ እቲ ምምህዳር ንቲ ዝከፍል ኣካል ካገድዶ ይኽእል ኢዩ።

## ምፍልላየይ ኣብ መንበሪ ፍቃደይ ዝምጽኦ ተጽዕኖ ኣለዎ ዶ?

መብዛሕት ኡ ግዜ ኣብ ውሽጢ ስዊዘርላንድ ብመርዓ ወረቀት ዝረኸበ ሰብ መንበሪ ፍቃዱ ዝወሃቦ ምስ በዓል ቤቱ ብሓዳር ብሓንሳብ ክሳብ ዘለዉ ጥራህ ኢዩ።( ናይ B መንበሪ ፍቃድ) ስዊዘርላንድ ንምንባር ዝሓሽ መምዘኒ ዕድል ምስ ዘለዎም ናይ ኤውሮፓ ሕብረት ዜጋታት ግን ሕጉ ፍልልይ ኣልዎ። ናይ ኤውሮፓ ዜግነት ዘይብሎም ሰባት ካብ ሓዳሮም ምስ ዝፈላለዩ ፍቃዶም ንኽናውሑ ዝኽእሉሉ መንገዲ ኣሎ። እዚውን ካብ ሰለስተ ዓመት ንላዕሊ ኣብ ውሽጢ ስዊዘርላንድ ብሓዳር ዝጸንሑን ብዘተኣማምን መልክእ ባህልን ቋንቋን ወዘተ...ዝለመዱ እንተኮይኖም(ኢንተግሬት ዝገበሩ) ከምኡውን ብውልቆም ምክንያት ብምቅራብ መንበሪኦም ክሓድሱ ይክእሉ ።ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ሓዳሮም ዝበጽሖም ዓመጽ እንተሎ ከምኡውን ናብ ዓዶም ምምላሶም ኣብ ሓደጋ ዘውድቆም እንተኮይኑ ኢዩ።
ብህልፊ ድማ ብበዓል ቤትኪ ተበዲልኪ እንተኮይንኪን ጉድኣት በጺሂኪ እንተኮይኑ ብዘተኽኣለኪ መጠን ናይ ሓኪም ወረቀትን ካብ ቤት ጽህፈት ሓለዋ ደቂ ኣንስትዮ ወይ ናይ ምክሪ ኣገልግሎት ኣካላት፡ ንዝወረደኪ በደል ብዝምልከት ዝተዋሃበኪ ወረቀት እንተ ኣሎ ከም ኡውን ካብ ፖሊስ ዝተዋሃበኪ ዝኮነ ዓይነት ሓበሬታ እንተ ኣለኪ ብጥንቃቄ ምቅማጥ ይግባእ ኢዩ። መንበሪ ፍቃድኪ ከይውሰድኪ ብምፍራህ ጥራይ በደል እንዳወረደኪ ኣብ ውሽጢ ገዛ ክትቅመጢ የብልክን። ነዚ ብዝምልከት ብናጻን ብተኣማኒነትን ናይ ምክሪ ኣገልግሎት ክንህበኪ ንኽእል ኢና።

## ናይ ሓዳር ጉዳይን ሓለዋ ቤት ፍርዲ እንታይ ድዩ ዝፍጸም

ብናይ ሓዳር ጉዳይን ሓለውን ቤት ፍርዲ ዘሎ ኹሉ ጉዳይ (ፕሮሰስ) ብዝምልከት ካብ ምኽሪ ኣገልግሎት ትካል ወይ ድማ ካብ ጠበቃ ከም ኡውን ካብ ቤትፍርዲ ሃበሬታ ምርካብ ትኽእሊ።

ናብ ቤት ፍርዲ ብዘይ ጠበቃ ትከዲ ምስ ዝከውን

- ርግጸኛ ከይኮንክሉ ስምምዕ ኩሉ ከይትፍርሚ ወይ ክትፍርሚ እንተኮንኪ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ውሳኔኪ ክትቅይሪ ምክአልኪ ኣረጋግጺ። ብድህሪ ኡ እዚ ውሳኔ ንሓንቲ ጠበቃ ኣርኢያሞ እቲ ስምምዕ ንኣኪ ዝጠቅም እንተዘይኮይኑ ኣብ ውሽጢ እቲ ወቅቲ ን ቤት ፍርዲ ኣፍልጢ።

ቆልኡ ናብዚ ቤት ፍርዲ ሒዝካ ምምጻእ ክልኩል ስለዝኮነ ጉዳይኪ ተረጋጊእኪእኪ ክትውድኢ ደቅኪ ንፍርቂ መዓልቲ ዝህዘልኪ ሰብ ክታዳልዊ ጽቡቅ ኢዩ።እቶም ቆልዑ ኣብ ንውሕ ዝበለ ጉዳይ ውጥረት ከይመጾም::
ቋንቋ ጀርመን ብግቡእ ዘይትዛረቢን ዘይትርድኢን እንተኮይንኪ ቅድም ኣቢልኪ ኣተርጓሚ ክግበረልኪ ሕተቲ።

## ብናይ ቤት ፍርዲ ውሳኔ እንተዘይተስማሚዔ እንታይ ክገብር ይክእል?

ብውሳኔ ቤት ፍርዲ ዘይትስማምዒ እንተኮይንኪ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ውሳኔ ዝተወሰነሉ ምክንያት ወይ ይግባኝ ክትሓቲ ትኽእሊ። (ኣብቲ ናይ ውሳኔ ወረቀት መውዳዕታ ዘለኪ ሕጋዊ መሰልን ግቡዕን ይጽሃፍ ኢዩ)

ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ዝኾነ ተቃውሞ እንተዘያቅረብኪ እቲ ውሳኔ ይጸንዕ ። ብድህሪኡ ግን ውሳኔ ንክቅየር ምህታት እትክእልሉ ዝተፈለየ ኣገዳዲ ኩነታት ምስ ገጠመኪ ጥራይ ኢዩ።

ምስ በዓልቤትኪ ተመሊስኪ እንተ ትነብሪ ኮንኪ ካብ 3-5 ኣብ ዘለዉ ስሙናት እቲ ውሳኔ ብገዛ ርእሱ ይስረዝ።

## ብቅልጡፍ ሽኡንሽኡ ምፍታህ ኣይሕሸንን?

ክልቴኩም ንምፍታህ እንተድአ ተስማሚዕኩም ንቤት ፍርዲ እንተ ኣርጋጊጽኩም ፍትሑ ብዝኮነ ግዜ ምፍጻም ይኻኣል።

ግናሲ ብልምዲ ካብዝርአይ ሰባት ንፍትሕ ቤትፍርዲ ድሕሪ ምሕታቶም ሓሳባቶም ይቅይሩ። ስለዝኮነ መመሓደሪ ኩነታት ናይቆልዑት ሓላፊነትን መንበሪ ቤትን ብዝምልከት ንምውሳን ናብ ናይ ሓዳር ጉዳይን ሓለዋን ቤት ፍርዲ ምካድ እቲ ጉዳይ ያቅልሎ።ካብቶም ሰብ ሓዳር ሓደ ብቅልጡፍ ንምፍታህ ምስ ዘይስማማዕ ብቲ ሕጊ መሰረት ክልተ ዓመት ምጽባይ አለዎም። እንትኮነውን ብኅንሳብ ናይ ምንባሮም ተስፉ ዝተወደኤ ምስዝከውን ሓደ ወገን ብዝቅረቦ ናይ ፍትሕ ሕቶ ምፍታህ ይኽእሉ፡ ይኩን እንበር እቲ ጉዳይ ብጣዕሚ ከቢድን ዝተወሳሰበን ኢዩ ዝከውን። ግና እዚ ናይ ፍትህ ሕቶ ተቀባልነት ተዘይረክብ ናይ ቤትፍርዲ ጉዳይ ክሳብ ዝውዳዕ ብጣዕሚ ነዊህ ግዜ ይወስድ ስለዝኮነ ካብ ምኽሪ አገልግሎት ትካል ወይ ካብ ሓንቲ ጠበቃ ወይ ካብ ቤት ፍርዲ ምኽሪ ሕተቲ።

## ዘይደለክዎ መርዓ(ግዴታዊ ኅዳር) ክፍጽም እንተተገዲደ እንታይ ክገብር ይኽእል?

አብ ውሽጢ ስዊዘርላንድ ዝነበር ኩሉ ሰብ ናጻ ዝኮነ ናይ ሓዳር ውሳኔ ናይ ምግባር መሰል አለዎ።
ናይ ስዊዘርላንድ ሕጊ አብ ውሽጢ ሓገር ይኩን ኣብ ሓገር ወጻኢ ዝግበር ናይ ግዴታዊ መርዓ ዝቃወም ኢዩ። አድላዪ እንተኮይኑ እዚ ድሕረ ገጽ ክትርኢ ትኽእሊ ኢኺ ወይ ከአ ምሳና ክትራኸቢ ትኽእሊ ኢኺ (www.zwangsheirat.ch)
ናጻ ዝኮነ ናይ ምኽሪ አገልግሎት ዝህበኪ ብዘተፈላለየ ቋንቋ ዝህግዘኪ ሰብ ይምደበልኪ።

## ምስ ተመሳሳሊ ጾታ ናይ ፍቅሪ እርክነት(ጾታዊ ርክኩብ) ዝተገበረ ሕጋዊ ስምምዕ(ከም ሓዳር ) ንምፍራስ እንታይ ክገብር አለኒ?

ተመሳሳሊ ጾታ ዘለዎም መዳምዲ ርክክቦም ብሕጋዊ መንገዲ አመዝጊቦም መሰሎምን ግቡኦምን ብምፍላጥ ተከባቢሮም ተተሓሒዞም ብሃድነት ምንባር ይክእሉ ።ብሓንሳብ ምሳኺ ምስትነብር ናይ ፍቅሪ መዳምድትኺ በደል ወይ ምፍርራህ ዝበጽሓኪ እንተ ኮይኑ ፖሊስ ብዘለዎ ናይ ምክልኻል ስልጣኑን ኅላፊነት መሰረት ነቲ ጉዳይ ክከታተልን ሓለው ክገብረልክን ኸምኡውን ብቤት ፍርዲ ውሳኔ ንምፍልላይ ምምልካት ትኽእሊ ኢኺ (መንሹር ወረቀት GSG) አብ ልዕሊ እዚ ጉዳይ ሓላፊነት ዝወስድ አብ ከባቢኺ ዘሎ ቤት ፍርዲ ኢዩ። ልክዕ አብ ቤተሰብ ቤት ፍርዲ ከም ዝገብሮ ኩሉ ዝተፈላለየ ነጥብታት ስምምዕ ይግበር።
ምስ ተመሳሳሊ ጾታ መዳምድትኺ ብውሳኔ እንተዘይተስማሚዕኩም እቲ ስምምዕ ንምፍራስ ተፈላሊኩም ሓደ አመት ምጽናሕ ትኽእሉ ኢኩም (አብ ሕጋዊ መርዓ ወድን ጓልን ክፈላለዩ 2 አመት ጸኒሆም ክፋትሁ ይኽእሉ)

## ምስ ዘፍቅሮ ሰብ ኅዳር ከይመስረትና ብሓንሳብ ንነብር፡ ሕጂ ግን ምፍልላይ ይደሊ አለኹ

ክልተ ተፋቀርቲ ሓዳር ከይገበሩ ብሃደ ምንባር ብሕጊ ዝተመስረተ ምትእስሳር አይኮነን። እንተኮነውን ምፍላጥ ዘድልየና ነገር ዘይተመርአዉ ሰባት ክፈላለዩ ዝተፈላለየ ሕጋዊ አመለካኽታ አሎ። ቆልኡ ዘለዎም እንተኮይኖም ቤት ፍርዲ እቲ ጉዳይ ናይ ቆልኡ ሓላፊነት ከምኡውን ናይ ቆልኡት ምብጻሕ ብዝምልከት አብ ህጻናትን አብ ዓበይትን ሓለዋ በዓል ስልጣን ይረዓይ (kesb Zürich)
ካብ ቆልኡት ዝስሕብ መነባበሪ ዝውስኖ አብ ከባቢኦም ዘሎ ቤት ፍርዲ እዩ (BG Kanton Zürich) ንቆልኡ ዝከናኸኖም አካል ሕጋዊ መርዓ እንተ ዘይብሉ አብ ዝፈላለየሉ ግዜ ዝወሃቦ መነባበሪ አይህልዎን እዩ። አብ መንበሪ ገዛ ዝጸንሕ አካል ምጽናሕ ዝክእል ብእኡ ብአከራዩን ብዘተፍለዮ አርኩ ማእከል ብዝተገበረ ናይ ገዛ ክራይ ስምም ዕ ይውስኖ። ሕጋዊ መርዓ ከይፈጸሙ ብሓንሳብ ዝነብሩ ሰባት ክፈላለዩ ዝህልዎ ውርድ ደይብ አሸጋሪ ስለዝኾነ ናይ ምኽሪ አገልግሎት ምሕታት ወይ ውን ሓንቲ ጠበቃ ምዝራብ ይበልጽ። አርክኺ አባኺ ይኩን ልዕሊ ደቅኹም በደል ዝፍጽም እንተ ኾይኑ ብሕጊ መሰረት ሓለዋ ክግበረልኺ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ
(መንሹር ወረቀት GSG)

አድላዪ አድራሻታት
ንናይ ጉዳይ ሓለዋ ሓዳር ዝጠቅም:
www.gerichte-zh.ch

## ፎርሚ ናይ ጉዳይ ሓለዋ ሓዳር

ሕክምናውያን መረጋገጽታት ኣብ ህጹጽ ኩነታት፡
www.permanence.ch
Tel. 044 215 44 44

ናይ ጠበቃን ናይ ተጣበቅቲን ማህበር
www.zav.ch
www.anwaltskollektiv.ch
www.djs-jds.ch

ሓለዋ(ደህንነት):
**ህጹጽ ተለፎን ፖሊስ** 117
መዕቆቢ ደቂ አንስትዮ: www.frauenhaus-schweiz.ch

ንዝተዓመጻ ደቂ አንስትዮ ሓገዝን ምኽርን፡
www.bif-frauenberatung.ch
www.frauennottelefon.ch
www.frauenberatung.ch

ሓገዝ ንቆልዑ፥
www.kokon-zh.ch

**BIF** ተዳልዩን ተኅቲሙን

© ሓታሚት: BIF ብ ቢፍ ምኽሪ አገልግሎት ደቂ አንስትዮ
Postfach 9664, 8036 Zürich
Tel. 044 278 99 99
info@bif.ch
www.bif-frauenberatung.ch
PC 87-137016-4
**IBAN: CH32 0900 0000 8713 7016 4**

መእረምቲ ቋንቋ ጀርመን: Karin Ernst
ሕጋዊ ምምካር: Brigit Rösli
ንድፊ: artischock.net
ትርጉም: Mary Schaffner-Kifle, weiss traductions genossenschaft

